ማሕበር ተጋሩ ኣውሮፓ
Union of Tigrayans in Europe

UTE-PRESS-N-20190623-01
23 June 2019

## መግለጺ ሓዘን ካብ ማሕበር ተጋሩ ኣውሮፓ

ሐዚ'ውን እንተኾነ መንነት መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ጠጠው ኣይበለን። መስዋእቲ ተጋሩ በይዛ ካልኦት ህዝብታት ኣየቆራጸን። ህዝቢ ትግራይ ስኣን ግልጽነት ኣመራርሓ ፌታዊኡን ጸላኢኡን ኣብዘይፈልጠሉ ኩነታት በጺሑ ኣሎ። ስለዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ኣብቲ ሐዚ እዋን ጸላኢኡ መን ምኳኑ ናይ ምፍላጥ መሰል ስለዘለዎ መሪሕ ውድብ ህወሓት ብግልጺ ጸላኢኻ እዙይ እዩ ብምባል ምስ ህዝቡ ዘትዩ ናይ ቃልሲ ኣንፈቱ ከቐምጥ ንጽውዕ። በዚ ኣጋጣሚ ንኹሉ ህዝብና ጽንዓት እናተመነና እቱ ተፈጢሩ ዘሎ ኹነታት ኣብ ህልውና ህዝብና ዘንጣጠረ ስለዝኾነ ኣብ ሙሉእ ዓለም ዝርከብ ትግራዋይ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዞ ሓድነቱ ብምጥንኻር ዓቕሙ ከዕብን ምስ ህወሓት ኮይኑ ንቃልሲ ክዳሎን ንጽውዕ። ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ  ብስኣን ውሕሉል ኣመራርሓ  እንደገና  ንድሕሪት ከይምለስ ስለዘስግእ መሪሕ ውድብ ህወሓት ብቕልጡፍ ተጠናኺሩ ፈንጺሑ ንክወጽእ ብዝከኣለና ኩሉ ክንሕግዝ ተዳሊና ኣለና። ክብርን ሞገስን ንስወኣትና!

ዓወት ንህዝብና ዕንወት ንጸላእትና!

ማሕበር ተጋሩ ኣውሮፓ